ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE
erit-alliance.com
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
التحالف الديمقراطي الارتري

**ዕለት፡** 30/11/2008

# ኣገዳሲ ሓበሬታ

ኤርትራዊ ዲምክራስያዊ ኪዳን ጨንፈር ርያድ ብዓርቢ ዕለት 28/11/2008 ብደረጃ ዝልዓሉ ካድራት ናይ ነፍሲ ወከፍ ውድባትን ፓርትታትን ዝተኻፈልዎ ሰፊሕ ኣኼባ ተኻይዱ።

ኣብዚ ዝተኻየደ ሰፊሕ ኣኼባ ነዞን ዝስዕባ ኣርእስታት ኣልዒሎም ሰፊሕ ክትዓትን ምምያጣታትን ኣካይዶም።

1- ዓለም ለኻዊ ተነጽሎ ሃገርና ብሓፈሻ ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ ስቓያትን ናይ ስደት መከራን።
2- ጎስጓስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ሙሉእ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዘካይዶ ዘሎ ዑደት።
3- መንእሰያትና ግዳይ ግዕዙይ ምሕደራ ዲክታትቶርያዊ ስርዓት ኮይኖም ዘሕልፍዎ ዘሎው ናይ ስደት ስቓያት።
4- ብደረጃ ኪዳን ጨንፈር ርያድ ክዕመም ዘሎዎ መደባት።

ኣብዚ ካብ ልዕሊ 50 ዝኾኑ ካድራት ናይ ዝተፋላለያ ውድባትን ፓርትታትን ዝተረኽቡሉ ዝተገብረ ልዕሊ 6ተ ስዓት ዝወሰደ ኣኼባ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣርእስቲ ሓደ ብሓደ ዓሚቕ ክትዓትን ምርድዳእን ኣካይደሙሉ ከም ውጽኢቱውን ኣቲ ናይ ሓቢርካ ምርድዳእን ናይ ሓቤርካ ምስራሕን መደባት ቀዳማይ ተደላይነት ከምዘሎዎ ኣስሚሮሙሉ ብኡ መሰረት ከእ እቲ ብደረጃ ኤርትራዊ ዲምክራስያዊ ኪዳን ኣብዚ ዞናዚ ክካየድ ዘሎዎ መደባትን ንጥፈታት ብተግባር ንቀጻሊ መደባት ብዝሰፈሐን ዝገፍሔን ኣኼባታት ኣብ መሰረታትን ህዝብን ወሪዶም ኣድላይን ቅድመ ተደላይነት ዝኾነ መደባት ክወስዱ ከምዘሎዎም እቲ ኣኬበኛ ብሙሉእ ሕልና ተቐቢሉዎ።

ኣብ መደምደምታ እቲ ኣኼበኛ ናብ ህዝብን ደምበ ተቓዉሞን ስፌካውያን ማሕበራትን ተጣባበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ምሁራት ሰብ ሞያን ነዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ መልእኽቲ ኣማሓላሊፉ፡

ዝኸበርካ ደላይ ሰላም ህዝብና ነቲ ኣብ ልዕሌኻን ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና ዝወርድ ዘሎ ሓለንጊ ኣደራዕ ብሓባራዊ ቅልጽም ህዝብና ክንምክቶ ምእኻና እንዳሓበርና ኩሉ ሽግርን ሕሰምን ምስ ምልጋስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ስለ ዘብቕዕ ኣብ ምልጋስ እዚ ደመኛ ስርዓት ኢደይ ኢድካ ንበል ንሕና ኣብ ጎድንኻ ኣሎና ተስፋ ኣይትቑረጽ።

ዝኽበርኩም ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘሎኹም ነቲ ብደረጃ ላዕለዎት መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝካየድ ዘሎ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምልዕዓላትን ሰሚናራትን ዑደት ናይ ኣሜሪካን ኤውሮጳን ቀጻሊ ኮይኑ ክሳብ እዚ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣላሽ ዝብል ኩሉ ህዝቢ ኣብ ከባቢ ደምበ ተቓውሞ ምእንቲ ክዓስል ጉዕዞኹም ቀጽሉ።ከምኡ ዝኣመሰለ ዑደት ኣብ ማእከላይ ምስራቕ ንኽካየድ ድማ ህዝቢ ማእከላይ ምስራቕ ብዓቢ ተስፋ እጽበየኩም ኣሎ።

ዝኸበርኩም ሲፊካውያን ማሕበራትን ተጣባበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ናይ ሞያ ኪኢላታትን ምሁራትን ነቲ ብዝተፋላለየ መልክዓት ኣንጻር ደም ህዝብና ዝመጺ ዘሎ ጋኔናዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ተካይድዎ ዘሎኹም ቁሉዕ ሰላማዊ ሰልፍታት ሓደ ካብቲ ኣብዚ እዋንʼዚ ኣወንታዊ ውጽኢት ዘመዝግብ ዘሎ ብድሆ ስለዝኾነ ቃልስኹም ቀጽሉ እታ እንደልያ ብግዝኣተ ሕጊ እትማሓደር ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ሃኒጽና ነቲ ዋንኣ ዝኾነ ህዝቢ ከነረክባ ኢና ዝብል እዋናዊ መልእኽትታት ድሕሪ ምትሕልላፎም እቲ ኣኼባ ብጽፉፍ ኣጋባብ ተዛዚሙ።

ናይ ሓባር ዓወት ብሓባራዊ ቅልጽም ክራጋገጽ ናይ ግድን እዩ።
ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንቕድሚት ንሰጉም
ስፊካውያን ማሕበራትን ተጣባበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ይዓንብባ።
ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና

**ክፍሊ ዕዮ ዜና ኤ.ዲ.ኪ.**
**ጨንፈር ርያድ**